**ኣብዚ ኣሳታፊ ዝኾነ ናይ ብዝሐ ቅርጺ-ጥበብ (multi-artform) ፕሮጀክትና ክትነጥፉ ብኽብሪ ንዕድም።**

# ‘Share My Table’



## ናይ መጀመርታ ኣኼባና
## ሰኑይ 20 ለካቲት 2017፣ ካብ ሰዓት 10.30ቅቀ – 2.30ድቀ
## ኣድራሻ Studio, Tramway, 25 Albert Drive, Glasgow, G41 2PE

ናብ Share My Table (ካብ ማኣደይ ተኻፈሉ) ክትጽንበሩ ንዕድመኩም። Share My Table ኣብ ግላስጎ ዝነብሩ ዝተፈላለየ ድሕረባይታ ዘለዎም እኩባት ሰባት ዝጥርንፍ ፕሮጀክት እዩ። ዕላምኡ ነዚ ኣብ ቀረባ እዋን ኣቃልቦ ናይ ማዕከናት ዜና ስሒቡ ዝርከብ ናይ ስደት ኩነታት ዉጺኢታዊ ምላሽ ንምሃብ እዩ። እዝ ናይ ብዝሐ ቅርጺ ጥበብ ፕሮጀክት እዚ ብስኮትሽ ረፍዉጂ ካዉንስል(SRC) ከምኡውን ትራምወይ(Tramway) ዝምራሕ ኮይኑ ሰባት ተጠርኒፎም መግቢ እንዳተካፈሉ፥ ክላዘቡ የኽእል።

ከም መጀመሪ እዚ ሃናጺ ልዝብ ክኾነና፥ ኣብነት ናይ ኣዝዩ ዝሕዘነኩም ማዕከን ዜና ሽፈነ እንተሎ ሒዝኩም ክትመጹ ብትሕትና ንዉከስ። ናብ ናይ ሰኑይ 20 ለካቲት ኣኼባና ሒዝኩሞ እንተመጺእኩም ብሓባር ኮይና ብቁዕ ምላሽ ክንህበሉ ኢና።.

ኣብ ግላስጎ ንነዊሕ እዋን ዝጸናሕኹም ከምኡ ውን ሓደስቲ ኣብ ቀረባ ግዜ ዝመጻኹም ኣካል ናይዚ ፕሮጀክት ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።

**ናይዚ ፕሮጀክት ተሳተፍቲ ብምዃን እዞም ዝስዕቡ ዕድላት ክትረኽቡ ትኽእሉ ፦**

- ምሃዝነትኩም ክትፍትሹን ክተርእዩን
- ኣብ ግላስጎ ዝርከቡ ትያትራት፣ ኣደራሻት ከምኡ ውን ባህላዊ መእከቢ ቦታታት ናይ ምብጻሕ ዕድል ትረኽቡ
- ናይ ርእየታዊ ጥበብ፣ ምርኢት ፍጻመታት፣ መጽናዕቲ ምኪያድ፣ ጽዉጽዋይ ምንጋር ከምኡውን ናይ ድርሰት ምጽሓፍ ሞያታት ክተጥርዩ ትኽእሉ
- ንናይ ማዕከናት ዜና ኣርእስተ-ዜናታት ምላሽ ክትህቡ ከምኡውን ናይ ገዛእ ርእስኹም ታሪኽን ተመኩሮን ክተካፍሉ ዕድል ትረኽቡ
- ሓደስቲ ሰባት ክትላለዩ፣ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ክእለትኩም ክተማዕብሉ፣ ዝተፈላለየ ባህልታት ክትፈልጡ ከምኡውን ክብ ዝበለ ናይ ሓድነትን ማሕበረሰብን ተቀባልነት ክስማዓኩም ይኽእል

**ኣገዳስነቱ ተራእዩ :** ተርጎምቲ፣ ናይ ቆልዑ መእለዪ፣ መግቢ ከምኡውን ናይ መጓዓዝያ ወጻኢታት ክንቅርብ ኢና። ኣብዚ ፕሮጀክት ንምስታፍ ዝኾነ ይኹን ተመክሮ ኣይሓትትን እዩ። ንልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ሓተትቲ ዕቁባን ስደተኛታትን ክኣ ብዝያዳ ንዕድም።

‘Share My Table’ ሰኑይ ሰኑይ ካብ ለካቲት ጀሚሩ ክሳብ ታሕሳስ 2017 ሰሙናዊ ክንራኸብ ኢና።

ንዝያዳ ሓበሬታ ከምኡውን ቦታ ንምሓዝ ዴቦራ ኢልኩም ብኢመይል: Deborah.May@scottishrefugeecouncil.org.uk ወይ ውን ብቴለ: 07405321910 ተወከሱ።

scottish refugee council 30 years | CREATIVE SCOTLAND ALBA | CHRUTHACHAIL | TRAMWAY